    - ዝበለፀ ፅንዓት ዛዕባታት ወይከዓ ፀገማት ብሰነድ ብቅደም ሰዓብ ክትሓዙን ንኣባላት ግብረ ሓይሊ ክሰራጨውን ይግባእ □ሓባሪ ኪው ይመልከቱ□፣ በቢርብዒ ዓመቱ ነቲ ግብረ ሓይሊ ክቐርቡ ይግባእ፡፡

ቀደም ሰዓብ
05
ከይዲ ትግበራ

የስኬታማ ተሞክሮ በመረጃነት ለመያዝ የሚያገለግል ቅፅ (Q)

**መ. ምግላፅ ዛዕባታት ተግባር**

ኣብ ሕድድ ኣኼባታት መወዳእታ ዝህልው ዝርዝር ዛዕባታት ኣብቲ ቀፃሊ ወርሒ ክግለፁ ይግባእ።

**ሰ. ሕድሕድ ኣኼባ ብሰነድ ክትሓዝን ናይቲ ኣኼባ ቃለ ጉባኤታት ንኹሎም ተሳታፍቲ ኣብ ቀፃሊ ዕለታት ክሰራጨው ይግባእ (ሓባሪ ኤች ይመልከቱ) ።**

### 2.5.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት

ሀ. ግብረ ሓይሊ ብቀዋምነት በቢወርሑ ኣኼባ ይገብር፤

ለ. ሕድሕድ ኣኼባ ሓፈሻዊ ምይይጥ ኣብቶም ዓወታትን ዘጋጠሙ ፀገማትን ዘተ ይግበር፤

ሐ. ንቶም ብምትሕብባር ዝስርሑ ተግባራት ኣብቲ ቀፃሊ ወርሒ ግልፂ ናይ ተግባርን ውሳነ ይውሰን፤

መ. ኣብ ሞንጎ ኩሎም ሴክተራት ግልፂ ዝኾነ ዓርሰ ምትሕብባር ይግበር፤

### 2.5.4. ኣድለይቲ ሓባሪታት

የስኬታማ ተሞክሮ በመረጃነት ለመያዝ የሚያገለግል ቅፅ (Q)

ሀ. ናይ ግብረ ሓይሊ ኣኼባ መጠቓለሊ (ሓባሪ ኤች)

ለ. ናይ ዓወት ኩነታት ዝገልፅ ሰነድ (ሓባሪ ኪው)

# 2.6 ክትትልን ገምጋምን

ኣብዚ ርእሲ ትኹረት ካብ ዝተገበረሉ ጉዳይ ዝተዋደደ ናይ ምትእስሳር ስራሕቲ ምስላጥ ኮይኑ ኣብ እዋን ክትትልን ደገፍን ዝረኣዩ ለውጢታት መሰረት ዝገበረ ይኸውን፡፡



## 2.6 ክትትልን ገምጋምን

እቲ ፕሮግራም ርኡይ ለውጢ ንከምፅእ ክትትልን ገምጋምን ቁልፊ ግደ ይፃወቱ። ክትትልን ገምጋምን ከም ናይ ተሓታትነት ሓደ ከይዲ ዘገልግሉ ኮይኖም ነቶም ዝተተለሙ ተግባራት ንምርግጋፅ ንምምህሃርን ንምልማድ ትልምን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ይግባእ።

ልሙድ ተግባራት ክትትል በቲ ኣብ ስምምዕነት ዝበፅሐ ትልሚ መሰረት ይፍፀም ከምዘሎን ነቶም ዝገጥሙ ፈተነታት እውን ንምፍታሕ ዝግበር እዩ። ቀዋሚ ፀብፃባት ምቕራብ ብሱፐርቪዥን በቲ ዘሎ ምሓውር ብምጥቃም ወይከዓ ብኣባላት ግብረ ሓይሊ ሓባራዊ ኣብ ዑደት ብምክያድ ክግበር ኣለዎ። ካብ ናይ ልሙድ ተግባራት ክትትል ሓሊፍካ ብመሰረት እቲ ፕሮግራም ገምጋም ተገይሩ ናይቲ ፕሮግራም ኣፈፃፅማን ረብሓን ክዕቀን ይግባእ። ካብቶም ዝሓለፉ ብዝሓሽ ኩነታት ዝተፈፀሙ ዕማማት ንምፍላይን እቶም ዝተርኣዩ ማሕለኻታት እንታይ እንታይ ከምዝነበሩ እንታይ እንታይ ናይቲ ፕሮግራም እዮም ቀንዲ ማሕለኻታት ዝነበሩ እቲ ፕሮግራም ዝበፅሓሎም ቀንዲ ዓወታት ብመብዛሕቲኡ ብርኪ ጠቓምቲ ዝበሃሉ ንምብፃሕ ዝስርሑ ወ.ዘ.ተ. መልሲ ንምርካብ ይጠቅም እዩ። ብልምዲ ዝተረኸቡ ተሞክሮታትን ንቐፃሊ ጠቓምቲ ዝኾኑ ብሉፅ ተሞክሮታት ውን ገምጋም ክግበረሎም ይግባእ። ናይ ገምጋም መሰረት ግን እቲ ናይ ዳታቤዝላይን ግብረ ሓይሊ እንትጅመር ዝነበረ ዘድሊ ሓዱሽ ሓበሬታ ከም ሓባራዊ ዕብየትን ናይ ማይን ስነ ፅሬትን ትዝቑሕን ተግባራት ብምፍፃም ናይ ሕማማት ማፒንግ ብምጥቃም ብማይን ስነፅሬትን ካልኦት ረቛሒታት ናይ ሓበሬታ ስነስርዓት ክርከብ ዝግብኦ እዩ።

በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)

### 2.6.1 አብዛኛውን ጊዜ የሚያጋጥሙ ተግዳሮቶችና የማስወገጃ ስልቶቻቸዉ

| ሓባራዊ ማሕለኻታት | መፍትሒ ስትራቴጂታቶም |
|---|---|
| • ስራሕን ምምሃርን - ኣብ ክንዲ ጎናጎኒ እኹል ግዘ ንገምጋማቶም ምምዳብ መብዛሕቲኡ ግዘ ዝውዕል ግን ተግባራት ንምፍፃም እዩ፤ | • እቲ ዝድለ ውፅኢት ንምምፃእ እቶም ተግባራት ይፍፀሙ ከምዘለው ንምርግጋፅ በቢእዋኑ ገምጋማት ምክያድ የድሊ፤ |
| • ኣብ ሞንጎ ዝግበሩ ገምጋማት ኣብ ከይዲ ኣብቲ ፕሮግራም ንዘይፍፀሙ ባእታታት ተወሰኽቲ ናይ ግዘ ኢንቨስትመንትታትን ሃፍቲ ክፍፍልን ኣብ ምግባር ክፍተት ይፍጠር | • ከይዲ ምምህሃር ብምፍጣር ኣብቲ ስራሕ ዝተሓወሱ ቀፃልነት ዘለዎ ኣናእሽተይ ምስትኽኻላት ጎና ጎኒ ምግባር የድሊ፣ |
| • ነቶም ብኹሎም ሴክተራት ክትትልን ገምጋምን ዝግበረሎም ተግባራት ናይ ሓባራዊ መግለፂታት ዘይምህላው፣ | • ኣብ ሞንጎ መዳርግቲ ኣካላት ናይ ሓባር መግለፂታት ንኹሎም ሴክተራት ኣድላይ ዘበለ ሓበሬታ ዝህቡ ስምምዕነት ምፍጣር |
| • ብዝተፈላለዩ ሴክተራት ዝግበር ናይ ክትትል ሱፐርቪዥን ዝተጠናከረ መሓውር ዘይምህላው | • ናይ ሓባራዊ ሱፐርቪዥን ንምግባር ዘኽእል መሳርሒ ምስካልኦት ተግባራት ዝፍፀም ዝተዋደደ ክትትል ንክህሉ ምግባር፤ |



➞ /ትኹረት ዘይረኸቡ/ ናይ ኸቢስ /ቆላ/ ሕማማት ሃገርና ንምጥፋእ፣ ብብርኪ ወረዳ ዝርኸባ ሴክተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ መዳይ ማይን ስነ ፅሬት ብሓባር ንክነጥፋ ዝተዳለዋ ኢደ መጋብር

### 2.6.2 መምርሒታት ኣፈፃፀማ ስራሕቲ

### ሀ. ገምጋም ስራሕ ኣፈፃፀማ

- ገምጋም ስራሕ ኣፈፃፀማ ኣብ ሕድሕድ ግብረ ሓይሊ ኣኼባ ክካየድ ኣለዎ፡፡ ኣብ ናይ ተግባር ምዕራፍ ከምዝተጠቐሰ ብትልሚ መሰረት ዘይተፈፀማ ስራሕቲ ኣመልኪቱ ሓገዝ ዝግበረሉ ኣገባብ ብግልፂ ብሰነድ ተታሒዙ ክቕመጥ ኣለዎ፡፡ ዘፈራት/ተሓባበርቲ ዝሳተፍሎም ብርኪታት ኣብ ሕድ ሕድ ኣኼባ ግብረ ሓይሊ ክትትል ክግበረሉን ክግምገምን ኣለዎ፡፡
- ኣባላት ግብረ ሓይሊ ብጥምረት ዝግበራ ዑደታትን ክትትላትን ናይ ጣቢያ ቁፅፅር ሓገዝ ቼክሊስታት ክትሕዙ ትፅቢት ይግበር (ሓባሪ ኤስ)፡፡ እተን ክትግበራ ተባሂለን ምኽሪ ሓሳብ ዝተዋሃበለን ናይ ሓባር ክትትል ዝግበረለን ኣመላኸቲ ኣብ ሓባሪ ኣር ክርከባ ይኽእላ፡፡ ናይ ሕድ ሕድ ኣመላኸቲ ትርጉም ከኣ ኣብ ቼክሊስት ዝተወሰኻ ኮይነን ኣብ ሓባሪ ደብሊው ክረካባ ይኽእላ፡፡
- መራሒ ኣውራ ጉጂለ ክልል ግብረ ሓይሊ (ሓላፊ ቢሮ ጥዕና) ናይ ጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት ተቐፃፃሪ ናይ ጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት በቢወርሑን በቢ ርብዒ ዓመቱ (ገለገለ ኣመላኸቲ በቢወርሑ ገለገሊ እንድማ በቢ ርብዒ ዓመቱ ክእከባ ዘለዎን ኣመላኸቲ) ኣብ ብርኺ ማሕበረሰብ ዝርከብ ዳታ ክእከባ ትእዛዝ የወርድ ይሓትት፡፡ እዚ ናቢ ሕድሕድ ጣቢያ ዳታ ካብ ዳታ ኣብያተ ትምህርቲን ኮሚቴ ማይን ስነፅሬትን ዝውሰድ ይኸውን፡፡ ኩለን ዘፈራት ዝተማሓየሻ ዳታ ጠሚረን በቲ ርኢቶ ዝተዋሃበሉ ናይ ሪፖርት ቴምፕሌት ክሕዛ ኣለወን፡፡ (ሓባሪ ቲ ረአ)፡፡ ካብኡ ካብ ሕድሕድ ጣቢያ ብናይ ጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት ዝተኣከበ ዳታ ኣብ ብርኪ ወረዳ ብኪኢላታት ወረዳ ተጠሚሩ (ሓባሪ ዩ ረአ) ናብ ዞባ ጠማቲ ጥዕናን ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ይለኣኽ፡፡
- ካብቲ ናይ ማ/ሰብ ዳታ ብተወሳኺ ኩለን ዘፈራት ናይ ማይን ስነ ፅሬትን ወርሓዊ ፀብፃብ ንመራሒ ግብረ ሓይሊ ክቕርባ ትፅቢት ይግበር፡፡
- ሓላፊ ወረዳ ጥዕና ቤት ፅሕፈት ተሓባበርቲ ኣካላትን ክኢላታትን በብብርኩ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ዝመፃ ብክፋል ዝተተንተና ፀብፃባት ብፀሓፊ ግብረ ሓይሊ እናተሓገዘ ይጥመር፡፡
- ተወሳኺ ዳታ ንኣብነት ግብረ መልሲ ፀብፃባት ውፅኢት ዝተካየደ ክትትል፤ ተኣኪበን ኣብ ሕድሕድ ወርሒ ኣብዝካየዳ ኣኼባታት ግብረ ሓይሊ ይቀርባ፡፡
- መራሒ ግብረ ሓይሊ ነተን ዝመፃ ፀብፃባት ምስ ፀሓፊ ግብረ ሓይሊ ማለት ናይ ቀፃላይ ኣጀንዳ ኣኼባ ግብረ ሓይሊ ክዳሉ ኣለዎ፡፡ እተን ተረኽባ ውፅኢታት ብሰነድ ተጠሚረን ዝተትሓዛ ምኳነን ይረጋገፅ፡፡ (ሓባሪ 5 ረአ) ብተወሳሒ ነቲ ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ ናብ ግብረ ሓይሊ ወርሃዊ ኣኼባ ብምቅራብ ዕውት ዝኾነ ስራሕ ብሰነድ ተታሒዙ ዝቕመጥ ይኸውን፡፡


በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)

- ናይ ፋይናንስ ፀብፆብ ብዎፌድ ግብረ ሓይሊ ተወኻሊ በቢርብዒ ዓመቱ እናተዳለወ ናብ ኣውራ ጉጂለ ወረዳ ዝቐርብ ኾይኑ እዚ ድማ እቲ ብትልምታት ዝተትሓዘ ወፃኢ ብጭቡጥ ዝወፀ ወፃኢ ዘሓዘን ሓፍቲ ክንደየናይ ኣብጥቕሚ ከም ዝዋዓለን ናይ ቐፃሊ ናይ ርብዒ ዓመት በጀት ትልሚ ዝሓዘ ፀብፆብ ክጥመር ኣለው።

- ኣውራ ጉጂለ ወረዳ ነቲ ፀብፆብ ምስተረኸበ ግብረ ሓይሊ በቢርብዒ ዓመቱ ዝተዳለወ ፀብፆብ ምስ ምምህዳር ዞባ ጠማቲ ጥዕና ዘተ ይግበረሉ፡ ፡ ብተወሳሒ ኣውራ ጉጂለ ዝገበሮ ኣኼባ ቃለ ጉባኤ ዝሓዘ ሰነድ፣ ቀንዲ ኣጀንዳታት፣ ናይ ተግበራትን ትልምታትን ዝተዋሃቡ ርዒቶታት ተሰኒዱ ክህቦም ኣለዎ። ናብ ዞባ ዝሓልፍ ፀብፆብ ዝዳሎ ብናይ ወረዳ ጥዕና ኃላፊን ኾይኑ ወረዳ ኣማሓዳሪ ኣረጋጊፅወ ይለኣኽ ።

- ቴክኒካል ግብረ ሓይሊ ኣባላትን ወረዳ ኣውራ ጉጂለ ግብረ ሓይልን ብሓባር ኾይኖም ብብርብዒ ዓመቱ ብመሰረት ናይ ጣቢያ መገምገሚ ቼክ ሊስት ክትትል ክገብሩ ይግባእ።

በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)



➞ /ትኹረት ዘይረኸቡ/ ናይ ኸቢስ /ቆላ/ ሕማማት ሃገርና ንምጥፋእ፣ ብብርኪ ወረዳ ዝርኸባ ሴክተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ መዳይ ማይን ስነ ፅሬት ብሓባር ንክነጥፋ ዝተዳለዎ ኢደ መጋብር

# ፍሰት ፀብፃብን ኣፈፃፅማ መደባትን

**ቅደም ተከተል 01**

ኣብቲ ር/ዓመት ዝተፈፀሙ መደባት ዋሽ-ኤኒቲዲ ጥማር ገምጋም ሪፖርት ካብቲ ወረዳ ቴክኒካል ኮሚቴ ብምቕባል ብብርኪ እቲ ቴክኒካል ኮሚቴ ዘይተፈትሑን ፖለቲካዊ ውሳነታት ንዘድልዮም መፍትሒ ብምቕማጥ ናይ ቐፃሊ ኣንፈታት እውን ብምሕባር ናይቲ ግብረ-ሓይሊ ጥማር ሪፖርት ድማ ናብ ክልል ቢሮ ጥዕና ይልእኽ ብቕዳሕ ድማ ንዞባኦም ናይ ጥዕና ፎካል ፐርሰን ብምፍላጥ ይፍፀም።

**ቅደም ተከተል 02**

ኣብ ወረዳ ዘሎ ቴክኒካል ኮሚቴ ካብ መሓውር ጥዕና ዝመፀ ሪፖርት፣ ብሕድሕድ ኣባላት ቴክኒካል ኮሚቴ ኣቢሎም ዝተሰርሑ ናይ ዋሽን ኤኒቲዲን ስራሕቲ ፀብፃባት ብምሓዝ፣ ከምኡውን በቲ ቴክኒካል ኮሚቴ ብሓባር/ብምውዳድ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ከም እታዎታት ብምጥቃም ብምትንታን ሓበራዊ ምስሊ ወረዳ ብምሓዝ፣ ዝተረኸቡ ለውጢታት ብምልካዕ፣ ፀገማት ብምፍታሽ፣ መፍትሒታት ብዝርዝር ብምንፃር መትገበሪ ትልሚ ብምድላውን ጥማር ሪፖርት ድማ ናብ ወረዳ ግብረ-ሓይሊ ምልኣኽን የጠቓልል።

**ቅደም ተከተል 03**

ናይቲ ወረዳ ሓላፊ ምስ ቴክኒካል ኮሚቴ ፀሓፊ ብምዃን ካብ ታሕቲ መሓውራት ንዝመፁ ፀብፃባት ይስንዱን ይትንትኑን ጥማር ሪፖርት ድማ ናብቲ ወረዳ ቴክኒካል ኮሚቴን ከምኡውን ናብ ቢሮ ዋሽ-ኤኒቲዲ ቴክኒካል ኮሚቴ ፀሓፊ ፀብፃብ ይልእኽ ጥማር ግብረ-መልሲ ድማ ናብ መሓውሮም የፍልጡ።

**ቅደም ተከተል 04**

ብብርኪ ክላስተር መባእታዊ ጥዕናን ምስ ቤት ፅ/ት ጥዕናን ዘለው ናይ ዋሽ-ኤኒቲዲ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ብርኪ ጣብያ ዘለው ተግበርቲ ኣካላት /ልምዓት ጉጅለ፣ ጥሙር ጥዕና፣ ኣብያተ ትምህርቲ ወዘተ/ በቢእዋኑ ናይ ክትትልን ደገፍን ስራሕቲ ብምስራሕ፣ ወርሓዊ ፀብፃባት እናተቐበሉ ብምጥማር ናብ ወረዳኦም ቤት ፅ/ት ጥዕና ሪፖርት ይልእኹ ጥማር ግብረ-መልሲ ድማ ናብ መሓውሮም ይልእኹ።

**ቅደም ተከተል 05**

ስራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ በቢ መዓልቲ፣ ሰሙናዊን ወርሓዊን ናይ ዋሽን ኤኒቲዲ ብምትእስሳር ብብርኪ ል/ጉጅለ፣ ጣብያ ኣመራርሓ፣ ኣብያተ ትም/ቲ፣ ዋሽኮ ወዘተ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ፀብፂበን ናብ ወረዳ ቤት ፅ/ት ጥዕና ይልእኻ ብሉፃት ተግባራት ድማ ይስንዳን ናብ ካልኦት ከባቢታት ንክጋፋሕ ይገብራ።

**ቅደም ተከተል 06**

ብብርኪ ክላስተር መባእታዊ ጥዕናን ምስ ቤት ፅ/ት ጥዕናን ዘለው ናይ ዋሽ-ኤኒቲዲ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ብርኪ ጣብያ ዘለው ተግበርቲ ኣካላት /ልምዓት ጉጅለ፣ ጥሙር ጥዕና፣ ኣብያተ ትምህርቲ ወዘተ/ በቢእዋኑ ናይ ክትትልን ደገፍን ስራሕቲ ብምስራሕ፣ ወርሓዊ ፀብፃባት እናተቐበሉ ብምጥማር ናብ ወረዳኦም ቤት ፅ/ት ጥዕና ሪፖርት ይልእኹ ጥማር ግብረ-መልሲ ድማ ናብ መሓውሮም ይልእኹ።

ብመሰረት ካብ ወረዳታት በቢ ር/ዓመቱ ዝመፅእ ሪፖርት ከምኡውን ብክልል ተዋዲዶም ዝተፈፀሙ ስራሕቲ መሰረት ብምግባር ናይ ክልል ቴክኒካል ኮሚቴ በቢ ር/ዓመቱ ይግምግም፣ ውፅኢታት ይዕቅን፣ ብሉፃት ተሞክሮታት ይስንድን ናብ ካልኦት የጋፍሕን፣ ፀገማት የለልይ፣ መፍትሒታት ብዝርዝር የነፅር፣ ሃፍቲታት የተኣኻኽብ ናይ ቐፃሊ ር/ዓመት ብብርኪ ክልልን ወረዳን ዝፍፀሙ መደባት ብመልክዕ ትልሚ ኣውፂኡ ናብ ኩሉ ክባፃሕ ይገብር። ጥማር ሪፖርት ድማ ንዋና ግብረ-ሓይሊ ይልእኽ፣ ፖለቲካዊ ውሳነታት ንዘድልዮም ብእዋኑ የፍልጥን

## ለ. ገምጋም:

- ብቢርብዒ ዓመቱ ሓፂር ገምገማ ይኻሄድ። እዚ ኣኼባ ዝምራሕ ብግብረ ሓይሊ ኾይኑ ኣባላት ግብረ ሓይሊ ይሳተፉሉ። እዚ ኣኼባ ገምጋም ኻብ ልሙድ ናይ ቲኤፍ ኣኼባ ኣቀዲሙ ክግበር ርዒቶ ተዋሂቡ ክኸውን ይግባእ። በዚ መሰረት ኣኼባ ግብረ ሓይሊ ብዝቐርብ መበገሲ ፀብፃብ ምይይጥ ዝካየድ ይኸውን።
- ናብ እቲ ገምጋም ዝቐርብ ጋንታ ክመፅእ እንከሎ ኣብ ብርኺ ወረዳ ካብ ዘሎ ማን ስነ ፅሬትን ትኹረት ዝሰኣኑ ናይ ቆላ ሕማማትን ስራሕቲ ፀብፃብ ሒዙ እንትኸውን ብመሰረት መተግበሪ ትልሚ ግብረ ሓይሊ ኣባላት ኣውራ ጉጂለ ብሓባር ኾይኖም ናይ ፊልድ ስራሕቲ ሓዊሶም ክገምግሙ ኣለወም።
- ውፅኢታዊነት ዝተቐመጣ ኢላማታትን ናይ ውፂታዊነት ኣመላኸቲ ቅድም ክብል ትርጉም ዝተዋሃበን ኾይኑ ብትወሳሒ ብፍላይ ከአ ኣብ ውፅኢት ኣደሪካ ዝግምገሙ እዮም (ኣብ ምዕራፍ መተግበሪ ትልሚ ብዝተቐመጠ መሰረት ማለት እዩ) ንኣብነት ምስፍሕፋሕ ትኹረት ዝሰዓኑ ናይ ቆላ ሕማማት ዝቐነሰ ምኻኖም፣ ኣጠቓቕማ ሺቓቕ ዝወሰኸ ምኽኑን ብምንፅፃርን ወዘተን።
- ሺቶታት ንምምሕያሽን ወይከዓ ኣመላኸቲ ንምምሓያሽ ዝብል መግለፂታት ዘይብሉ ዳታ መሰረት ዘይገበረ ዝግለፅ ዘረባ ዝመስል እንተኾይኑ ተቀባልነት የብሉን።
- ሐደሸቲ ሸቶታትን ኣመላኸቲን ምትእትታው ኣብ ግምት ከዓቱ ዘለዎ ኾይኑ ዝተኣታተዉ ከዓ ምስጭቡጥ ዝኾኑ ናይ መተግበሪ ትልምታት ኾይኑ ነዘን ሸቶታት ንምዕዋት ጠማቲ ሰብ ምምዳብ እውን የደሊ።
- ፕሮግራማት ምትግባር ኣገዳሲ ምኳኑ ዝግመገመሉ መንገዲ እተን ሸቶታት ተዓዊተን ዲየን ወይካኣ ኣይተዓወታን ዝብል ኣተገባበራ ፕሮግራማት ብምርዓይን ብምንፅፃርን እተን ፅቡቓት ተሞክሮታት ክፍለያ ኣለወን።
- ወሳኒ ዝኾነ ውፅኢት ኣብ ዝኾነ ቦታ ምስተረኸበ ናይ ውፅዒታዊነት ትንተና ክግበር ኣለዎ (ናይ መተግበሪ ምዕራፍ ረአ) ብትወሳሒ ዝተረኸባ ትምህርትታት ከምቲ ኣካል ሓፈሻዊ ትልሚ ኮይነን ክተኣታተዋ ኣለወን።
- ዝካየዱ ገምጋማት ንናይቲ ዳታ ፅርየት ዝወሰኸ ኾይኑ፤ ዳታ ከዓ ዝርኸብ ኣብ እዋን ልሙድ ክትትል ኣብዝግበረሉ ከይዲ እዩ።
- መተግበሪ ትልሚ ምስተማሓየሸ ንኹሎም ተሓባበርቲ ኣካላት ክለኣኸሎም ኣለዎ።
- ኣባላት ኣውራ ናይ ወረዳ ግብረ ሓይሊ ሃናፀይ ዝኾነ ገምጋምን ግብረ መልሲ ንኣባላት ፈፃሚታት ግብረ ሓይሊ ክህቡ ኣለዎም። እዚ ድማ ንዘይተሰርሑ ስራሕቲ እንተልዮም ስጉምቲታት ንምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ፅቡቕ ስራህ ዝተሰረሐ እንተኾይኑ መተባበዒ ኽወሃብ ኣለዎ።

በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)

### ሐ. በብእዋኑ ዝዋሃብ ግብረ መልሲ (Periodic reflection)

በብእዋኑ ዝዋሃብ ግብረ መልሲ አካል ትልሚ ክትትልን ገምጋምን ኾይኑ ነዞም ዝስእቡ ሕቶታት ንምልዓል ይጠቅም እዩ፡፡

- ስራሕቲ ስለምንታይ ብዝድለ ብርኺ አይተሰርሑን ካብዚ ዝተወሰደ ትምህርቲ ወይከኣ አመላኻቲ አሎ ዶ?
- እዚኣተን ምልክታት ነቲ ትልሚ ብግቡእ ንምትግባርን ንምትእስሳርን ይጠቕማ ድየን?
- ዝበለፀ ውፅታዊ ስርዓቲ ኾይነን ነዘን ዒላማታት ንምዕዋት ክትግበራ ዝኽዕላ ምንቅስቓሳት አለዋዶ?
- እቲ ዋና ናይ ኩነታት ትንተና ውፅኢት ኽሳብ ሕጂ ብቀፃላይነት ይስራሓሉ ዶ?
- ሓደሽቲ ዝፍጠራ ማሕለኻታት ዘቃልል ኣሰራርሓ ኣሎ ዶ?
- ዝተቐየረ ነገር አሎ ዶ?
- ኹለን ቁልፍ ዝባሓላ ፀገማት ተፈቲሐን ድየን?
- አብቲ ከባቢ (ፖለቲካዊ፣ ምምሕዳራዊ፣ መዋቕራዊ፣ ጉዳይ ፕሮግራምን ወዘተን) አብልዕሊ ምዕዋት እቲ ፕሮግራም አሉታዊ ፅለዎ ከሕድሩ ዝኽእሉ ከባቢታት ተቀይሮም ዲዮም? በብዕዋኑ ዝዋሃብ ግብረ መልሲ ብጥምረት ኾይኑ ዝቐርብ ድማ ናብ ናይ ርብዒ ዓመት ገምጋም ኣኼባ ይቀርብ ድዩ? ናቲ ግብረ መልሲ መሰረት ክኾውን ዘለዎ ናይ ክፍተት ትንተና ውፅኢትን ዘለዋ ዕድላትን መሰረት ጌይሩ እንትኾውን እዚ ድማ ነቲ ዘሎ ናይ ኹነታት ከይዲ ብርኺ ባህሪያት ኣብ ዝትንተነሉ እዋን እዩ፡፡ ግብረ መልሲ ምስተዋሃበ አብልዕሊ እቲ ትልሚ ለውጢ ክግበር ዘለዎ ኾይኑ እዚ ድማ ብዓይኒ ሓፍቲ፣ ምንቅስቓስን ውፅዒትን ጠመተ ክግበረሉ ዘለወ ጉዳይ እዩ፡፡

### 2.6.3 ንፀበዮም ውፅዒታት

ሀ. በቢዕዋኑ ስርዓቱ ዝሓለወ ከይዲ ክትትልን ገምጋምን ክህሉ አለዎ፡፡

ለ. አብልዕሊ እቲ ናይ ስራሕ ትልሚ ከከም ኩነታቱ ምምሕያሽ ዝግበር ኾይኑ እዚ ድማ ብቐፃልነት ብመሰረት ገምጋም ዝግበር ይኸውን፡፡

ሐ. ብስርዓት ዝተተሓዘ ናይ መበገሲ ሐበሬታ፣ ናይ ዕውት ስራሓቲ ፀብፃብ፣ ናብ ፊልድ ኬድካ ዝተገብረ ክትትል ውፅዒት፣ ብቐፃልነት ናይ ዝካየዱ ዘለዋ ኣኼባታት ቃለ ጉባኤታትን ፀብፃባትን ብምሉእነት ክማልኡ ትፅቢት ይግበር፡፡

መ. አብሞንጎ ወረዳን ዘፈራት ዞባ ከምዕውን ቁልፍ ዝባህሉ ተሓባብርቲ አካላት ናይ መረዳዕታ ልውውጥ በብዕዋኑ ክግበር ኣለወ፡፡

በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)

ቅደም ተከተል 06 ክትትልን ገምጋምን

በጋራ ለሚደረጉ ክትትልና ግምገማ አመላካች መለኪያዎች የሚሆኑ ምክረ-ሃሳቦች ቀፅ (R)

የቀበሌ ድጋፋዊ ክትትል ጉብኝት ቼክሊስት ቀፅ (S)

በማህበረሰብ ደረጃ በየወሩ ያሉትን መረጃዎች ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሰራተኞች) ቀፅ (T)

የወረዳውን አጠቃላይ መረጃ ለማጣመር የሚረዳ ቅፅ (በጤና ኤክስቴንሽን ሱፐርቫይዘር) ቀፅ (U)

ከቴክኒካል ወርኪንግ ቡድን ወደ ግብረ ኃይል በየሶስት ወሩ ለሚደረግ ሪፖርት የተዘጋጀ ቅፅ (V)

ለአመላካች መለኪዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቀፅ (W)

## 2.6.4 አግባብነት ዘለወን ሓበርቲታት

- ክትትልን ገምጋምን ንምግባር ብርዒቶ መልክዕ ዝተዋሃባ አመላኸቲ (ሓባሪ አር)
- ናይ ጣቢያ ሓገዝ ቁፅፅር መግበሪ ቼክ ሊስት (ሓባሪ ኤስ)
- አብ ብርኪ ማህበረሰብ ዝርኸብ ዳታ መጥመሪ ቴምፕሌት (ብናይ ጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት) (ሓባሪ ቲ)
- ናይ ወረዳ ዳታ መጥመሪ ቴምፕሌት (ብናይ ጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት) (ሓባሪ ዩ)
- ካብ ግብረ ሓይሊ ክሳብ ኣውራ ጉጂለ ወረዳ ዘሎ ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ መጥመሪ ቴምፕሌት (ሓባሪ ቪ)
- ትርጉማት አመላኸቲ (ሓባሪ ደብሊው)

# 3. ልጋብ፡

እዚ ርእሲ ኣብ ሕድሕድ ከይዲ ስራሕቲ ዘለው ዝርዝር ልጋባት ሓቑፉ ዝሓዘ እዩ። ካብቶም ዘለው ልጋባት ገለገሊኦም ብቐሊሉ ንምጥቃም ስለዘመችው ብኤክሴል ዝተዳለው እዮም። ኣብነት ብ "S" ዝግለፅ ልጋብ ብብርኪ ጣብያ ዝካየድ ናይ ክትትልን ደገፍን ቼክሊስት ዝሓዘ እዩ፣ ብ "T" ዝግለፅ ልጋብ ድማ ብብርኪ ሰራሕተኛታት ጥ/ጥ/ቤተሰብ ካብ ል/ጉጅለ ዝጥመር ወርሓዊ መፀብፀቢ ቕጥዒ እንትኸውን፣ ብ "U" ዝግለፅ ልጋብ ድማ ብብርኪ ወረዳ ብጥሙር ጥዕና ኤክስፐርት ሓፈሻዊ መረዳእታ መጥመሪ ቕጥዒ ዝሓዘ እዩ። ብመልክዕ ፓወር ፖይንት ክዳለው ዝግቦኦም ድማ ኣብ ልጋብ "B" ይርከብ።

# 03 ልጋብ፡

ስዒቡ ዝርአ ዘሎ ሰደቓ ነቲ ከይዲ ስራህ አገደስቲ ዝኾኑ ሓባሪታት ዝሓዘ እዩ

| ኣርዕስቲ | ሽም መሳለጢ |
|---|---|
| ምድላውን ምብጋስን | ናይ አባላት ቴክኒካል ኮሚቴ (ኤ) ምደባ ደብዳቤ |
| | ናይ ደገፍ ፓወር ፖይንት መቕረቢ ቴምፕሌት (ቢ) |
| | ዘፈራት ንክሳተፉ ዝለኣኽ መልዕኽቲታት (ሲ) |
| | ኣብ ብርኪ ወረዳ ዝርኸብ ግብረ ሓይልን ጉጇለ ሰራሕተኛታት ቴክኒክ ዝበፅሑሉ ዝርዝር ስምምዕነታት (ዲ) |
| ግብረ ሓይሊ ጉጇለ ሰራሕተኛታት ቴክኒክን ምጥያሽን ናብ ስራሕ ከዓቱ ምግባርን | ጉጇለ ሰራሕተኛታት ቴክኒክ ንዝገብርዎ ፈለሚ ኣኼባ አጀንዳ ተባሂሉ ዝቐረበ ርኢቶ (ኢ) |
| | ማፕ ዝገብሩ ሰበ ስልጣን፣ ሓላፍነትን ዘፈራት/ተሓባበርቲ ዘሕድርዎ ፅልዋ (ኤፍ) |
| | ንዘፈር ማፒንግ መተሓጋገዚ ዝኸውን ሰደቓ (ጂ) |
| | ናይ ግብረ ሓይሊ አኼባ ቃለጉባኤ መጥመሪ ቴምፕሌት (ኤች) |
| ናይ ህልው ኹነታት ትንተናን ባህሪያት ምቕማጥ | ናይ መበገሲ ዳታ ዝዕከበሎም ተባሂለን ዝቐረባ አመላኽቲ (አይ) |
| | መንነት ተሓባበርቲ ማፕ ንምግባርን ዓቕሚ ንምግምጋም ዝውዕል ቴምፕሌት (ጄ) |
| | ዝተዓከበ ናይ መበገሲ ዳታ ምጥቕላልን ምትንታንን (ኬ) |
| | ኣብ ብርኺ ወረዳ ዝዋሃባ መምርሒታት (ኤል) |
| | በዓል ብፅሒት ተባሂሎም ዝተፈለዩን ሓላፍነቶምን (ኤም) |
| | ብዛዕባ ዝተጣመረ ዕድላት ፕሮግራም ንመፍላይ ኣብ ዝግበር ምይይጥ ዝቐረቡ ቀንድ ቀንድ ሕቶታት (ኤን) |
| መተግበሪ ትልሚ ምሕንፃፅ | አደላልዋ መተግበሪ ትልሚ ቴምፕሌት (ኦ) |
| | ናሙና ዝተዋደደን ጥርኑፍን ምንቕስቓሳት (ፒ) |
| ትግበራ | የስኬታማ ተሞክሮ በመረጃነት ለመያዝ የሚያገለግል ቅፅ (Q) |
| አተገባብራ ክትትልን ገምጋምን | ናይ ዕውት ስራሕቲ መፀብፀቢ ቴምፕሌት (ኪው) |
| | ክትትልን ገምጋምን ንምግባር ብርኢቶ ዝቐረባ አመላኽቲ (አር) |
| | ናይ ጣቢያ ቁፅፅር መግበሪ ሓጋዚ ቼክ ሊስት (ብጥዕና ኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት) (ኤስ) |
| | ናይ ወረዳ ዳታ መጥመሪ ቴምፕሌት (ብኤክስቴንሽን ሰራሕተኛታት) (ቲ) |
| | ትርጉማት አመላኽቲ (ደብሊው) |
| | ለአመላካች መለኪያዎች የተሰጡ ትርጉሞች ቅፅ (W) |

## ሓባሪ ኤ- ናይ ግብረ ሓይሊን ኣውራ ጉጂለ ወረዳን  ኣባላት መመደቢ ደብዳቤ

ዕለት: ________________________________

________________________ ________________________ ________________

ስም እቲ ዘፈር ናይ ስራሕ ብርኺ ዕለት

ከም መጠን ኣባላት ጉጂለ ሰራሕተኛታት ቴክኒክ□ፈፃሚ ኣነ ኣብዚ ወረዳ ንናይ ማህበረሰብ ረብሓ ክሕለው ምስ ኣባላት እቲ ጉጂለ ሙሉእ ብሙሉእ ብምትሕብባር ክሰርሕ እየ።



ፊርማ:

________________________________ ________________________________

ኣባል ኣማሓዳሪ ወረዳ

## ሓባሪ ቢ- ናይ ደገፍ ፓወር ፖይንት መቕረቢ ቴምፕሌት

ደገፍ ፓወር ፖይንት መቕረቢ ቴምፕሌት ክዳለው ዘለዎ ነዞም ዝስዕቡ ሓደሸቲ ተሓባበርቲ ኣካላት ንምምራፅን ምስ ማይን ስነ ፅሬትን ተበግሶታት ዝተሓጋገዙ ናይ ዘፈር ኣባላት ንምሕራይ ጥቕሚ ዝውዕል ኾይኑ ብናይቲ ወረዳ ላዓለዎት ሰበ ስልጣናት ዝዳለው ይኸውን።

| | |
|---|---|
| **ሓፈሻዊ ሓበሬታ** | • ፅዕንቶ ትዑረት ዘይተወሃቦም ቆላ ሕማማት (ኤንቲዲ) ኣብ ኢትጵያ፣ ክልልን ወረዳታትን ከሙኡ ድማ ወረዳታት ዘጋጥሞም ቀንዲ ፀገም፣<br>• ብፍላይ ከዓ ምስ ኤንቲዲን ዋሽ ዝተተሓሓዙ ፀገማት።<br>• ማይን ስነ ፅሬትን ምስ ኤንቲድ ምቅንጃው ስለምንታይ ኣድላይ ኾይኑ ተረኺበ<br>• ኣብ ብርኺ ወረዳ ማይን ስነፅሬትን ኤንቲዲ ከቀናጀውሉ ዝኽእሉ ቦታታት |
| **ፅዕንቶ ኤንቲዲ ኣብ ኢትዮጵያ** | <br><br> |
| **ፅዕንቶ ኤንቲዲን ኣብ ክልል** | |

ፅዕንቶ ኤንቲዲን ኣብ ወረዳ (ሕድሕድ ጣቢያ)

| ሽም ጣቢያ | በዝሒ ህዝቢ ጣቢያ | | | ካብ ቀዳማይ ክሳብ ኣስራይ ዘለዎ ዓይነታት ሕማማት (ኤንቲዲ ሓዊሱ) ኣብ ጣቢያ | ኣብሕድሕድ ጣቢያ በቶም ሕማማት ዝተጠቕዑ ሰባት |
|---|---|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣን | ድምር | | |
| | | | | | |

**ኣብ ወረዳ ማይን ስነፅሬትን ዝረኸበሉ ኩነታት (ኣብ ሕድሕድ ጣቢያ)**

| ሽም ጣቢያ | በዝሒ ህዝቢ ጣቢያ - ጃ | | | ካብ ፍታን ነፃ ዝኾኑ ቦታት ዝርኸቡሉ ኩነታት | | ቁፅሪ መራሕቲ ስድራ (እንተ ዋሓደ ዝተመሓየሸ መሰረታዊ ሺቓቓት) | ፍልፍላት ቐረብ ዝስተ ማይ | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣን | ድምር | የፀዳ | ያልፀዳ | | ውሃ የሚያገኙ (ቢያንስ ቁፅሪ ተጠቐምቲ ስድራ (እንተዋሃደ መሰረታዊ /ዝተማሓየሻ) ፍልፍል ማይ | |
| | | | | | | | | |

| | |
|---|---|
| **ማይን ስነፅሬትን ዝጣመሩሉ ምኽንያታት** | <br> |

**ኣብ ብርኺ ወረዳ ማይን ስነፅሬትንኤንቲዲ ዝጣመሩሉ ምኽንያታት**

- ኤንቲዲ ዝላዕለ ኹነታት ኣብ ዝረአይሉም ከባቢታት መብዛሕቲኡ እዋን ውስን ቐረብ ማይን ስነፅሬትን ዘለዎንን ዝተሓተ ኣጠቓቕማ ፅርየት ዘለዎን ከባቢታት እየን።
- ዝተፈላለያ ዘፈራት ተጣሚረን ዝንቕሳቐሳ እንተኾይነን ኤንቲዲ ንምቅናስ ወሳኒ እዩ እዚ ድማ ማይን ስነፅሬትን ምምሕያሽ ከይተገበረ ሰፊሕ ናይ ጥዕና ትምህርቲ ከይተዋሃበ ብቀፃላይነት ሕማም ኤንቲድ ምንካይ አፀጋሚ እዩ።

**ኤንቲዲን ንምቁፀፃር ማይን ስነፅሬትን ዝትግበረሉ ኹነታት**

| ኣይነት ስጉምቲ ማይን ስነ ፅሬትን | ሕማም ንምኽልኻል ብርዒቶ መልከዕ ዝቀረበ ባሕሪ | ሕማም |
|---|---|---|
| ኣተሓላልዋ ፅሬት | ኢድካ ምሕፃብ | ኤስቲኤች |
| | ገፅኻ ምሕፃብ | ትራኮማ |
| | ጫማኻ አብደገ ምግባር | ኤስቲኤች፣ ፖዶ ኮኖዪሲስ |
| | በብዕለቱ ብሳሙና ነቲ ዘሐበጠ እግሪ በፍላይ ከዓ ብባክተሪያ ብኽለት ንምክልኻል አብሞንጎ ኣፃብዕቲ እግርኻ ብሳሙና ብብዕለቱ ምሕፃብ | ናይ ሊንፍ ፊላሪያሲስ ፖዶኮኖይሲስ |
| | ዝረስሑ ክዳውንቲ □መደቀሲ □ትርዓሳት ምሕፃብ | ትራኮማ |
| | ንዝተበኸለ ዝዓቆረ ማይ ዘይምትንካፍ | ሲስቶሴማሲስ □ብልሓርዝያ□ |
| | ንመሕፀቢ ነፍስኻ፣ መሕፀቢ ክዳውንቲ መሐመሲ ፅሩይ ማይ ተጠቐሙ | ሲስቶሴማሲስ □ብልሓርዝያ□ |
| | ንመስተ አገልግሎት ዝወዕል ማይ ዘይምትንካፍ ወይ ካዓ ሙሉዕ ነፍስሓ ናብኡ ዘይምዕታው | ሕማማት ጊኒ ወርም |
| ማይ | ውልቓዊ ፅርየትካ ንምሕላው ዘኽዕል እኹል ቐረብ ማይ ክሕልው (ንኣብነት ኢድካ፣ ገፅካ፣ ወይከዓ፣ ነብስኻ፣ መሕፀቢን፣ ክዳውንቲ ንምሕፃብን | ጂደብሊውዲ፣ ኤልኤፍ፣ ኤስሲኤች፣ ትራኮማን፣ ኤስቲኤች |
| | ከባቢኻ ኣፀሪኻ ንምሐዝ ዘድልይ ፅሩይ ማይ ቐረብ ሸፋን ክወስኽ ምግባር (ንኣብነት መሕፀቢ ሸቓቕ) | ኤስሲኤች፣ ትራኮማን፣ ኤስቲኤችን |
| | ቐረብ ፅሩይ ዝስተ/መዳለዊ ምግቢ ዝኾውን ማይ ሸፋን ክውስኽ ምግባር | ጂደብሊውዲ፣ኤስቲኤች |
| | ልምዓት ሓፍቲ ማይ፣ አታሐሕዛ ፅሬት ማይ ንማይን/ ፕሮግራማት ሓለዋ ፅረየት ተሸከምቲ ሕማም አብ ዝፈሪያሉ ብርኽታት ንዘሕደሮ ፅልዋ ምክትታል | ኤልኤፍ፣ ኤስሲኤች |
| ፅርየት | ንብኽለት ዘቃልዑ ኩነታት ምቕናስ | ኤስሲኤች፣ ትራኮማን ኤስቲኤች |
| | ፍታን ህፃናት ብግቡእ ምውጋድ | ኤስሲኤች፣ ትራኮማን ኤስቲኤች |
| | ሸፋን ዝተማሓየሸ ማይን ፅርየትን ምምሕያሽ | ኤስሲኤች፣ ትራኮማን ኤስቲኤች |
| | ሺቓቓት ክፅገናን ክሕደሳ ትምህርቲ ምሃብ | ኤስሲኤች፣ ትራኮማን ኤስቲኤች |

**ቀንዲ ረብሐታት ምቕንጃው ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲን**

- ጥዕና ሕብረተሰብ ይመሓየሽ
- ብተደጋጋሚ ብኤንቲዲ ሕማም ምጥቓዕ ብርኺ ይንክይ
- ናይ ማይን ስነፅሬትን መሰረተ ልምዓት አጠቓቕማን ቀፃላይነትን ክብ ክብል ምግባር - በብዚሒ ድማ ንሕብረተሰብ ዝዋሃብ ትምህርቲ ኣፍልጦ ኤንቲዲታት ክውስኽ ይገብር።
- ዳታ፣ ፀብፃባትን ካልኦት መሳርሕታትን ብምጥቃም ዝዋሃብ ውሳነ ብዝበለፀ ኣብ ሓበሬታ ዝተደረኸ ክኸውን ይሕግዝ
- ሐፍትን ፃዕሪን ብዘይአግባብ አብጥቕሚ ከይውዕል ይገብር
- ንማይን ስነፅሬትን ከም መከላኸሊ መሳርሒ ኤንቲዲ ከምዝኾነ ብምስትምሃር ኣብ ልዕሊ ማይን ስነ ፅሬትን ዝግበር ዕድል ኢንቨስትመንት ክውስሕ ይገብር

**ሓባሪ ሲ፡ ተሳትፎ ዘፈራት ንምምዕባል ክመሓላለፍ ዘለወ መልእክቲ**

* ፍልፍል ሓበሬታ ግሎባል ማን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲን ቱል ኪት ኾይኑ (http://www.who.int/wash-health-toolkit)

መብዛሕቲኡ እዋን ዘፈራት ምስካልኦት ዘፈራት ምትሕብባር ዘለዎ ረብሓ እንታይነት አመልኪቱ ግልፂ ዘይኮነሎም ይኽዕል ብሓባር ምስራሕ ዘለዎ ረብሓ ዝዓብየ ከምዝኾነ ብምስትምሃር መራሒ ዝኾነ ዘፈር ንምምራፅ ወሳኒ ስራሕ እዩ፡፡

ብዛዕባ ረብሓታት ጥምረት ዘሎ ቀንዲ መልዕኽቲ

## ማስተባበር ስለሚያስገኘው ጠቀሜታዎች የሚተላለፉ ዋና መልእክቶች

- ኤንቲዲ ዝጥቕም ንቶም አዚዮም ድሓታትን ግዳያት መግለልቲ ዝኾኑ ክፍልታት ሕብረተሰብ እዩ፡፡ አብ ሞንጎ ዘፈራት ዝግበረ ምትሕብባር ዝተተለመ ሽቶ ብዝሐሸ ንክዕወት ዝጠቕም ኾይኑ ድሕነት ንምንካይን ፍሪያታት ልምዓት ከዓ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ እዩ፡፡
- ኤንቲዲ ዘጥቅኦም ወገናት ኣብ ርሑቅ ቦታታትን ዝተሓላለካ ወይከዓ ግልጋሎት ጥዕና ንምርካብ ኣፀጋሚ አብዝኾነሉ ቦታታት ንዝነብሩ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ፡፡ ፕሮግራም ኤንቲዲ ኣብዝሓ ክፋል ሕብረተሰብ ዝጥቕዕሉ ከባቢ አየናይ ከምዝኾነ ብናይ ሓባር ትልምን ምስትማሓርን ሐበሬታ ብምብፃሕ ዝበለፀ ሐፍቲ ንምውፋርን ነቲዘሎ ድማ ውጺታዊ ብዝኾነ መልክዕ ንምጥቓም ዘክዕል ሓበሬታ ንረክበሉ እዩ፡፡
- ፕሮግራም ኤንቲዲ ባይታ ብምውራድ ሕብረተሰብ ግልጋሎት ንክረክብ ዘድልይወ ዒላማታት ንምምራፅ ዝሕግዝ ኾይኑ እዞም ዒላማታት ድማ ፍትሐዊ ዝኾነ ግልጋሎት ሕብረተሰብ ንክረክብ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ንቲ ፕሮግራም ምልላይ ብዛዕባ ዝዋሃብ ዘሎ ግልጋሎት ሐቀኛ ሐበሬታ ንምርካብ ይሕግዝ እዩ፡፡
- ዝተዋደደ ፕሮግራም ማይን ፅሬትን ኤንቲዲን ኣብ ምክልኻልን ሕክምናን መሰረት ዝገበረ ሰፊሕ፣ ፍትሓዊን ዒላማ ዘለዎ ግልጋሎት ንምሃብ ኩነታት ዘመቻቹ ኮይኑ ዘለና ሃፍቲ ብዝበለፀ ውፂኢታዊ ብዝኾነ መንገድ ንምጥቃምን ግልጋሎት ጥዕና ብግቡእ ንምሃብ አቕምና ዘማሐይሽ እዩ፡፡
- ዝተዋደደን ዝተጣመረ ፕሮግራም ማይን ስነፅሬትን ኤንቲዲን አብ ቤት ትምህርቲ ዝትግበር ናይቶም አብ ቤት ትምሕርቲ ዝርኸቡን ካብትምህርቲ ወፃኢ ዘለው ተማሕሮ ኩነታት ጥዕና ንምምሕያሽ ዝሕግዝ እዩ፡፡ እዚ ፕሮግራም ብተወሳኺ ቆልዑት ጥዕናምን አትሓላልዋ ፅርየት አመልኪቶ ዘለዎም ባሕሪያት ዘማሐይሽ ኾይኑ አብ ልዕሊ ባሕሪያት አተሓላልዋ ጥዕና ስድራቤቶም ኣወንታዊ ፅልዋ ዘሕድር እዩ፡፡
- ናይ ኤንቲዲ መከላኸሊ ምንቅስቃሳት ነቲ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ሐፈሻዊ ዝኾነ ናይ ህፃናት ጥዕና ብምሕላው፣ መሳርሕታት ትምህርቲ ብምቕራብ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ማይን ስነ ፅርየትን መሰረተ ልምዓት ብምምሕያሽን ዓቕሚ መመህራን ብምዕባይ አስተዋፅኦ ስለዝገብር ነቲ ናይ ትምህርት ስርዓት እውን ዘጠናኽር እዩ፡፡



➡ /ትኹረት ዘይረኸቡ/ ናይ ኽቢስ /ቆላ/ ሕማማት ሃገርና ንምጥፋእ፣ ብብርኪ ወረዳ ዝርኸባ ሴክተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ መዳይ ማይን ስነ ፅሬት ብሓባር ንክነጥፋ ዝተዳለዎ ኢደ መጋብር

**ሓባሪ ዲ  ብብርኪ ወረዳ ዝርከብ ፈፀምቲ ሓይልታትን ኣባላት ጉጂለ ቴክኒክ (ToR)**

## ሰራሕተኛታትን ዝዳለው ሰነድ ስምምዕነት

### 1. መበገሲ

ኣብ መንጎ ዘፈራት ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲን ዝሕሉ ጥምረት ምስፍሕፋሕ ሕማም ብቀፃላይነት ክንክይን ሐፈሻዊ ደሕንነት ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ ወሳኒ ተራ ይፃወት እዩ። ምትሕግጋዝ ኣብዝግበረለን ባእታታት ኩለን ዝተፀውዓ ዘፈራት ነቲ ጥምረት ናብባይታ ብምውራድ ናብ ተግባር ምቕያር የድልይ እዩ።

ብብርኽ ወረዳ ክልተ ባይታታት ምትሕብባር ኣለዋ ንሳቶም ድማ፤

1 ሐለፍቲ ጥዕና፣ ማይን ትምህርትን፣ ፋይናንስን፣ ምምሕዳርን ዘፈራት ዘሐቖፈ ፈፃሚ ሐይሊ፤

2 ካብ ሕድሕድ ዘፈራት ዝመፁ ክኢላታት ዝሐዘ ናይ ቴክኒክ ፈፃሚ ጉጂለ ነቲ ጥምረት ናብባይታ ዘወርድን ዘትግብርን እዩ።

ዝስእቲ ኦኦር ምትሕግጋዝ ወይከዓ ጥምረት ዝፍጠረለን ባይታታት ዒላማታት ዝገልፅ ኾይኑ ዋሽን ኤንቲዲን ስለምንታይ ምውሕሓድ ከምዘደልዮ ድማ ዒላማታት ባይታ ጥምረት ዝገልፅ ኮይኑ ኣባላት እቲ ጥምረት ዝኽተልወ ግደን ሓላፍነትን ዝገልፅ እዩ።

#### 1.1. ዒላማ

**ሐፈሻዊ ዒላማ**

- ብብርኺ ወረዳ ኣብሞንጎ ዘፈራት ናይ ሐባር ስራሕ ፕሮግራም ንረብሓ ሕብረተሰብ ዝላዕለ ሐፍቲ፣ ዝተመሐየሽን ኣብ መረዳዕታ ዝተደረኸ ውሳነ ንምትሕልላፍ ዝሕግዝን ኣብባይታ ከዓ ሐፈሻዊ ውፅዒት ክሐይል ዘክዕል ብብርኺ ወረዳ ቀንድ ናይ መተሓባበሪ ባይታ ዓቕሚ ምፍጣር እዩ።

**ዝርዝር ዒላማታት:**

- ብሕማም ኤንቲዲ ዝጥቕዑ ማሕበረሰባት ቀረብ ፅሩይ ማይን መሰረተ ልምዓት ስነ ፅርየት ምምሕያሽ፤
- ኤንቲዲ ኣብምንካይ ዘላቒ ዝኾነ ናይ ባህሪ ለውጢ ዝመፀሉ ኹነታት ምፍጣር፤
- ኣብሞንጎ ዘፈራት ዋሽን ኤንቲዲን ብብርኺ ወረዳን ጣቢያን ዝርኽቡ ተሐባበርቲ ኣካላት ዘሎ ጥምረት ናይ ሐባር ምንቅስቓሳት ምውዳድን ምጥማርን፤
- ሐበሬታ ስርዓት ብዘለዎ መንገድ ኣብሞንጎ ዘፈራት ምቅይያር ዝግበረሉ ሜላ ብምፍጣር ናይተን ዘፈራት ፕሮግራም ምስ ናይካልኦት ዘፈራት ፕሮግራማት ኣብ ግምት ብምዕታው ፕሮግራም ንምሕንፃፅ
- ብርክት ዝበላ ዘፈራት ብሓባር ንዝትግብርኦ ፕሮግራም ብሐባር ኾይንካ ምትላም፣ ምትግባር፣ ምክትታልን፣ ንምግምጋምን
- ዘለና ሐፍቲ ብምጥቓም ኣጠቓቕማ ሐፍቲ ምምሕያሽን ኣብ ልዕሊ መረዳዕታ ዝተደረኸ ናይ ሐባር ትንተናን ናይ ትልሚ ስርዓት ብምህናፅ ቅደም ሰዓብ ኣጠቓቕማ ሐፍቲ ምምሕያሽ
- ቁልፊ ዝባሃላ ትምህርቲታት (ዕውት ስራሕቲን ፀገማትን) ፈሊሓ ጣልቃ ብምእታው ናይ ሐባር ገምጋም ምግባርን ኣብ ቀፃሊ ኣብ ስራሕ ምውዓልን መመሐየሺ ፕሮግራማት ጌርካ ንምጥቃም

## 1.2. ዝትዋደደ ቁፅፅር ኤንቲዲ ንምግባር ዘኽእል ምንቅስቃስ ማይን ስነ ፅሬትን

ስዒቡ ዝተቐመጠ ሰደቓ ኣብሞንጎ ማይን ስነ ፅሬትን ዝተተሓሓዙ ክፍልታት ዘለወን ርክብ ዝገልፅን ኣብ ኢትዮጵያ ትሽዓተ ኣብ ቅድሚት ዝተሰርዓ ኤንቲዲታት ብምዝርዛር፤ ዘፈራት ብሓባር ኾይነን ክሰርሖኦ ዝግበአን ስራሕቲ ዘመላኽት እዩ።

| ክፍል ፕሮግራም | ዝውሰዱ ስጉምቲታት | ፅልዋ ዘሐድረለን ሕመማት |
|---|---|---|
| ሓለዋ ፅርየት | ልምዓት ሓፍት ማይ፣ ኣተሓላልዋ ረሳሕ ማይ ፕሮግራማት ሓለዋ ፅርየት ኣብ ብርኺ ተላጋቢ ሕማም ዘማሓላልፉ ተሸከምቲ (ቬክተርስ) ዘሕድሮ ፅልዋ ምክትታል | ኤልኤፍ/ኤስሲኤች |
| | ማይ ተከፊቱ ንከይብከል ምክልኻል | ኤስሲኤች፣ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | ፍታን ህፃናት ብግቡእ ምውጋድ | ኤስሲኤች፣ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | ሽፋን ዝተመሓይሸ ሐለዋ ፅርየት ክብ ምባል | ኤስሲኤች፣ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | ሸቓቕት ክሕደሳን፣ ክፅገናን ትምህርቲ ምሃብ | ኤስሲኤች፣ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| ማይ | ውልቀ ፅርየት መሕለዊ ዝኾውን ሽፋን ቐረብ ፅሩይ ማይ ምምሕያሽ | ጂደብሊውዲ፣ኤልኤፍ፣ኤስሲኤች |
| | (ንኣብነት መሕፀቢ ኢድ፣ ገፅን፣ ነብሲን ከምዑድማ መሕፀቢ ክዳን) | ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | ከባቢሓ ንምፅራይ ዝውዕል ቐረብ ማይ ክውስሕ ምግባር ( ኣብነት መሕፀቢ ሸቓቕ) | ኤስሲኤች፣ ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | ቐረብ ፅሩይ ማይ ንመስተን/መዳለዊ መግቢን ክውስሕ ምግባር | ጂደብሊወዲ፣ ኤስቲኤች |
| ስነ-ፅዳት | ልምዓት ሓፍት ማይ፣ ኣታሓሕዛ ረሳሕ ማይን ፕሮግራማት ሐለዋ ፅርየት ተላገብቲ ሕማም ዘመሐላልፉ ጣንጡታት ኣብዝፈርያሉ ቦታ ዝሕደሮ ፅልዋ ኣመልኪትካ ክትትል ምግባር | ኤልሲኤች፣ ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | የሕፃናትን ሰገራ በአግባቡ ማስወገድ | ኤስሲኤች፣ ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | የተሻለ የስነ-ፅዳት ሽፋንን መጨመር | ኤስሲኤች፣ ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |
| | የመፀዳጃ ቤቶችን እድሳትንና ፅዳትን ማጎልበት | ኤስሲኤች፣ ትራኮማ፣ ኤስቲኤች |

## 1.3 ቁልፊ ግደታትን ሓላፍነታትን

| ቀንድ ቀንድ ስራሕን ሓላፍነትን | ግደታትን ሐላፍነታት ኣውራ ጉጂለ ወረዳ /ቲኤፍ/ | ግደታትን ሐላፍነታት ቴክኒካል ግብረ ሓይሊ |
|---|---|---|
| **ምንቓሕ፣ ምስትመሓርን ዘለካ ሐፍቲ ምውፋርን** | • አብ ብርክ ወረዳ አድላይነት ዝተዋደደ ስራሕ አመልኪቱ አፍልጦ አብ ሞንጎ ዝጥምቶም ተሐባበርቲ አካላት ምፍጣር<br>• ግብረ ሓይሊ አብ ብርኺ ወረዳ ዝህቦ አስተምህሮ፣ ማሕበራዊ ወፍሪን ትልምታት ኤስቢሲሲ ከዳለዉ ምትሕበባርን ሐገዝቲ ኣብ ትልሞም ክካትቱ ምትሕግጋዝ፡፡<br>• ምስፍሕፋሕ ኤንቲዲ ናይ ማይን ስነ ፅሬትን ዝስረሐለን ቦታታት አብ ዝመረፃሉ እዋን ኣብ ግምት ከምዛኣትው ምርግጋፅ፣ በቲ ናይቲ ከባቢ ቋንቋ ግቡዕነት ዘለወን ኤስቢሲሲ ማቴሪያላት ብዋሽን ኤንቲዲ ተሐባበርቲ ብመሰረት ማፕ እቲ ሕማም አብ ግምት ከምዝአተው ምርግጋፅ፡፡<br>• ምስ ቢሮታትን ዞባን ዘለካ ሓፍትን ብሓይል ሰብን ብምውፋር ዝተዋደደ ፃዓሪ ዝግበረሉ ሐገዝ ከበርክቱ ምጉስጓስ<br>• ደብሊውኦኤፍኢዲ ነተን በሐባር ዝስራሓ ስራሐቲ ብአማራፂ አብ ጥቅሚ ዝውዕላን ፍትሐዊ ስርጭት ብዘለዉ አግባብ ግዲኦም ከምዝፃወቱ ምርግጋፅ | • ኣብ ብርኽ ወረዳ ናይ ትምህርትን መሐበራዊ ወፍሪ ወይ ድማ ናይ ኤስቢሲሲ ትልሚ ከምዝወፀ ምርግጋፅን ምስ ሓገዝት ድማ ኣብ ትልሞም ምክታተን ያረጋግፅ፡፡<br>• ቀፃሊነት ስራሕቲ ኤንቲዲን ማይን ስነ ፅሬትን ዝተኣታተወለን ቦታታት አብ ዝምረፅሉ እዋን፣ ናይ ቢሲሲ ማቴሪያላት ብመሰረት ማፒንግ እቲ ሕማም ብሐባር ክጥቀምሉ የርኽብ፡፡<br>• ኣብ ልሙድ ናይ ወረዳ ኣኼባታት ጥሙረ ስራሐቲ አጀንዳታት ክለዓል ስለዝክእል ንምስትምሓር ብንቕሓት ይሳተፉ (ኣብነት ኣብ ናይ ተፋሰስ አኼባታት)፡፡<br>• ምስ ሓለፍቲ ዘፈራት ናይ ሓባር ምንቅስቃሳት ቅድሚት ተዋሂብወን ዝትግበራ መደባት ክውዕል ዝክዕል ሐፍቲ ክምደብ ጎስጓስ ምግባር፡፡ |
| **ብሐባር ትልሚ ምድላውን ምትግባርን** | • ናይ ወረዳ ተሐባባሪ ማፕ አብዝገብረሉ እዋን ከም መበገሲ ትንተና ኹነታት ብምውሳድ ንቲ ግብረ ሓይሊ ምክትታልን ምሕጋዝን፡፡<br>• ግብረ ሓይሊ ናይ ሐባር ሺቶታት፣ አመላኽቲ አብዝመርፀሉ እዋንን ዕውት ስጉምቲ አብዝወስደሉ እዋን አፍልጦ ምሃብ፡፡<br>• ግብረ ሓይሊ ናይ ሓባር መተግበሪ ትልሚ ንካዳልው መምርሒ ምውራድ | • .መንነት ኲሎም ቁልፊ ተሓባበርቲን ወነንቲን ማፕ ምግባርን ክፍተታትን ዘለዋ እድላት ምንፃርን፡፡<br>• ብብርኪ ወረዳ ምስ ኤንቲዲን ማይን ስነ ፅሬትን ተተሓሓዝነት ዘለወን ዳታ ምእካብን ምትንታንን፡፡<br>• ዘፈራት ብብርኺ ወረዳ ተዋድዶም ክሰርሕዎም ዝግባዕ ስራሐቲ አመልኪቱ ናይ ሓባር ትልሚ ምድላው<br>• ብዛዕባ ጥሙር ናይ ሓባር ስራሐ ትልምታት ዋሽን ኤንቲዲ ተሐባበርቲ አብዘሳልጥኦ ስራሐቲ ምስታፍ፡፡<br>• ናይ ኤንቲዲ ቀፃልነት ዳታ ኣብ ሐደሽቲ ናይ ማይን ስነ ፅሬትን ሳይትታት ከም መምረፂ ረቋሒታት ኾይነን ከምዝውሰዳ ምርግጋፅ |
| **ክትትልን ገምጋምን ፀብፃብ ምፅብፃብን ምልኣኽን** | • በቲ አብ ስምምዕነት ዝተበፀሐሉ መራኸቢ ግቡዕነት ዘለወን እዋናዊ ሐበሬታታት ከምዝወሃብ ብስርዓት ዶክሜንት ከምዝተገበራ ካኡ ድማ ፀብፃበን ንምልኣኽ ድልዋት ከምዝኾና ምርግጋፅ፡፡<br>• ብብእዋኑ ከይዱ አተገባብራ እቲ ፕሮግራም ምክትታልን አፈፃፅማ ግብረ ሓይሊ ድማ ምግምጋም፡፡<br>• በብርብዒ ዓመቱ ምስተወከልቲ ዞባን ወረዳን ግብረሓይሊ ናይ ሓባር ክትትል አብ ዝግበርል እዋን ምስታፍ፡፡<br>• ብዛዕባ ሐፈሻዊ ከይዲ እቲ ፕሮግራም ካብ ግብረ ሓይሊ ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ ይቕበል<br>• ምስ አባላት ግብረ ሓይሊ ከይዲት ፕሮግራም፣ ግቡዕነት ሽቶታትን ናይ ሓባር አመላኽቲን መተግበሪ ትልምታት ንምግምጋም አኼባ ይገብር<br>• አቲ ፕሮግራም ዝበፅሐሉ ብርኺ ንምግምጋምን ንአባላት ግብረ ሓይሊ መምርሒ ንምሃል በቢ ርብዕ ዓመቱ አኼባ ይገብር | • ፍሰት ሐበሬታ ብመሰረት ኣብ ስምምዕነት ዝተበፀሐሉ ናይ ርክብ መሰመር ምህላው ምርግጋፅ፡፡<br>• ሐበሬታ ንምልውዋጥ ስራሐቲ ንምግምጋምን ዝተዓወቱ መደባትን ዘጋጠማ ፀገማትን ዝምልከት ንምግምጋም ወርሐዊ አኼባ ምኪያድ፡፡<br>• በብእዋኑ ናይ ሐባር አመላኸቲ አመልኪቱ ምስ ተሐባበርቲ አካላት ግብረ ሓይሊ ብምግምጋም ብትልሚ ዝተትሓዛ ዒላማታት ብሽፋን ይሁን ብዓይነት ገላፂ ዝኾነ ሓበሬታ ብምግምጋም ዝተዓወታ ወይ ድማ ዘይተዓወታ ምኽነን ምግንዛብን ምውሳንን፡፡<br>• ናይ ሐባር ፊልድ ክትትል ምንቅስቃሳት ምስ አባላት ኣውራ ጉጂለ ወረዳ ተወከልቲ ዞባ ዝካየደለን ትልሚ ምድላው፡፡<br>• ብዛዕባ ሐፈሻዊ አተገባብራ ፕሮግራም ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ ምቕራብ፡፡<br>• በቢ ርብዒ ዓመቱ ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ፕሮግራም ሓበሬታ ንምሃብን ገምጋም ንምኪያድን ምስታፍ፡፡ |

## ናይ ኣቦ ወምበር፣ ኣባላትን ፀሐፊን ዝርዝር ኃላፊነታት

| ጥምረት መንቐሳቐሲ ባይታታት | ሐለፍቲ ቢሮታት ዘፈራት ወረዳ ጥዕና፣ ማይ፣ ትምህርቲ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ምምሕዳርን | ክዒላታት ዝስዕባ ቢሮታት ዘፈር ወረዳ፤ ቢሮ ማይ፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ ፣ ፋይናንስን ምምሕዳርን፣ ክዒላታት ማይን ስነፅሬትን ኤንቲዲን/ቁልፊ ዝባሓሉ ተሐባብርቲ ተወከልቲን መተሐባበርቲን |
|---|---|---|
| **ግደ ኣቦ ወንበር** | • ኣመሐዳሪ ወረዳ ናይቲ ኣውራ ጉጂለ ወረዳ መሪሕነት ግደ ይወስድ<br>• ናይ ኣውራ ጉጂለ አኼባታት ብአቦ ወምበር ይመራሕ<br>• ከም መጠን ኣቦ ወምበር ፈላሚ ኣኼባታት  ግብረ ሓይሊ ክካየዳ ይሕግዝ<br>• አገዳሲ ኾይኑ አብዝተረኸበሉ ወይከዓ ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ መድረኻት ብምውዳድ አገዳሲ ኾይኑ ምስተረኸበ ነቲ ግብረ ሐይሊ ይወክል<br>• ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃባት ካብ ግብረ ሓይሊ ተቐቢሉ ንአምሐዳሪ ዞባ የተሓላልፍ | • ሐላፊ ጥዕና ቤት ፅሕፈት ወረዳ<br>• ኣብ ግብረ ሓይሊ ናይ መርሒነት ቦታ ይሕዝ።<br>• አኼባታት ግብረ ሓይሊ ብኣቦ ወንበርነት ይመርሕ።<br>• ካብሰራሕተኛታት ጥዕና ኤክስቴንሽን ወርሃዊ ፀብፃብ (ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ)ን ካብ ወረዳ ዘፈራት ብዛዕባ ማይን ስነ ፅሬትን - ኤንቲዲ ምንቕስቓሳት ዝመፀ ፀብፃብ ይጠምር።<br>• ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ ጠሚሩ ናብ ኣውራ ጉጂለ ወረዳን ጠማቲ ጥዕና ዞባ የማሐላልፍ |
| **ግደ ኣባል ዘፈራት** | • አብ ወረዳ ናይ ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲ ፕሮግራማት ትልሚ ኣብ ዝወፀሉ፣ አብ ዝትግበረሉ፣ ክትትል አብዝግበረሉን፣ አብ ዝግምገመሉ እዋን ኩል ጊዜ ይርከብ።<br>• ምስ ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲ ዝተተሐዛ ናይ ወረዳ ፕሮግራማት የተሓባብር፣ ዝግበራ ናይ ተሳትፎ ፀዓርታት የቀናጀው።<br>• ብጥሙር ናይ ሐገዝ ቁፅፅር፣ አኼባታት ሐባራዊ ግብረ ሐይሊ፣ ናይ ኦፕሬሽን ምርምራታትን ተሞክሮ ልውውጣት አቢሉ ንቶም ዝተዋደዳ ፕሮግራማት ክትትል ክግበረለንን ክግመገማን ይሕግዝ።<br>• ቀንዲ ዝባሕላ ናይ ዋሽ - ኤንቲዲ/ፀገማትን ብዕዋኑ ውሳነ ዘድልየን ነገራት ብምፍላይ ብቅደም ሰዓብ የቕምጥ | • .አኼባታት በብዕዋኑ ይሳተፍ፣ ኣብ አተገባብራ ፕሮግራማት ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲን ከሙዕውን አብ ገምጋም ብወረዳ ብርኺ ይሳተፍ።<br>• አብ ውሽጢ ወረዳ ምስ ማይን ስነ ፅሬትን  ኤንቲዲ ተተሐዝነት ዘለዎን ፕሮግራማት ኣብ ምግምጋም ናይ ጥሙር ቁፅፅር አብ ምግባር ይከታተልን ይሐግዝን።<br>• ክፍተታትን ፀገማት ማይን ስነ ፅሬትን - ኤንቲዲን ፈሊዩ ብቕደም ሰዓብ የቕምጥ |
| **ፀሓፊ** | • ቅድሚ አኼባ ምክያድ ሐደ ሰሙን አቐዲሙ አጀንዳ ይእክብ ንተሳተፍቲ ኣባላት የፍልጥ።<br>• ናይ ሕድሕድ አኼባ ግብረ ሓይሊ ቃለ ጉባኤታት ይሕዝ ወይ ድማ ክተሓዝ ይገብር።<br>• ብብርብዒ ዓመቱ ካብ ግብረ ሓይሊ (ናይ ወርሃዊ አኼባ ፀብፃባት፣ ናይ ዕውት ስራሐቲ ቴምፕሌትን ናይ ርብዒ ዓመት ፀብፃብ) ኣታአኻኺቡ ይጠምር።<br>• ኣብ መበገሲ ሕድሕድ አኼባታት ቲኤፍ፣ ናይ ቅድም አኼባ ቃለ ጉባኤ ይግምግም ዝተረዓየ ለውጢ አመልኪቱ ገምጋም የካይድ።<br>• በብዕዋን ዝሳለጣ ናይ ቲኤፍ ምንቅስቃሳት ፀብፃባት ጠሚሩ ናብ ምምሕዳር ዞባን ቢሮ ጥዕና (በቢ ርብዕ ዓመቱ) ይልዕኽ። | • አኼባታት በብዕዋኑ ይሳተፍ፣ ኣብ አተገባብራ ፕሮግራማት ማይን ስነ ፅሬትን ኤንቲዲን ከሙዕውን አብ ገምጋም ብወረዳ ብርኺ ይሳተፍ።<br>• አብ ውሽጢ ወረዳ ምስ ማይን ስነ ፅሬትን  ኤንቲዲ ተተሐዝነት ዘለዎን ፕሮግራማት ኣብ ምግምጋም ናይ ጥሙር ቁፅፅር አብ ምግባር ይከታተልን ይሐግዝን።<br>• ክፍተታትን ፀገማት ማይን ስነ ፅሬትን - ኤንቲዲን ፈሊዩ ብቕደም ሰዓብ የቕምጥ<br>• ዕለታዊ ጉዳያት ግብረ ሓይሊ ይኸታተልን ናይ ውሳነ ሐሳብ የቕርብ።<br>• ምይይጥ ዝግበረለንን ኣባላት ክፈልጥወን ዝግበዐን አጀንዳታት የተአኻኽብ እዚ ድማ ቅድሚ ሰልስተ መዓልቲ ናይ ኣኼባ ዕለት ይዛዝም።<br>• ናይ ሕድሕድ ግብረ ሓይሊ አኼባ አጀንዳ ይሕዝ አኼባ  ቅድም ምጅማሩ ናይ ቅድም አኼባ ቃለ ጉባኤታትን ዝተርዓየ ለውጢ ይገምግም።<br>• በብርብዒ ዓመቱ ፀብፃብ እናጠመረ ምስ ኣራ ጉጂለ ወረዳ ይቐያየር እዚ ድማ ፀብፃባት ወርሃዊ አኼባታትን ዕውት ስርሓቲን ንክፍፀም ይሕግዝ። |



➞ /ትኹረት ዘይረኸቡ/ ናይ ኸቢስ /ቆላ/ ሕማማት ሃገርና ንምጥፋእ፣ ብብርኪ ወረዳ ዝርኸባ ሴክተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ መዳይ ማይን ስነ ፅሬት ብሓባር ንክነጥፋ ዝተዳለዎ  ኢደ መጋብር

## ሓባሪ ኢ- ኣባላት ጉጂለ ሰራሕተኛታት ቴክኒክ ፈለማ ንዝገብርኦ ኣኼባ ብርዒቶ

### ዝተወሃበ ኣጀንዳ

እቲ ኣኼባ ብትልሚ ክተሓዝ ዘለዎ ኾይኑ ንአርባዕተ ሰዓታት ዝካየድን ዝስዕቡ ዛዕባታት ዘካተተን ክኸውን ኣለወ ፡፡

| ተ□ቁ | ኣጀንዳ | ፃንሒት | መሳለጢ | መብርሒ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ናይ መኽፈቲ መደረ ምክያድ | 20 ደቓይቕ | ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ድማ ተወካሊ | ብዛዕባ ትምህርቲ ዝቐርብ ፅሑፍ |
| 2 | ናይቲ ቴክኒክ ጉጂለ መትኸላት ስራሕን ዕላማታትን ምቕራብ | 20 ደቓይቕ | ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ድማ ተወካሊ | |
| 3 | ንተሐባበርቲ አካላት ክላለዩ ምግባር | 2 ሰዓታት | ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ድማ ተወካሊ | ተሓባበርቲ ቐዲሙ ብዝተዳለወ መፋለጢ ትሕዝቶ መሰረት |
| 4 | ስራሕቲ ብተደራራቢ ዝሰራሐለን ቦታታት ምትንታኑ ከመይ ክስራሕ ከምዘለዎ ኣመልኪቱ ምይይጥ ምክያድ | 1 ሰዓት | ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ድማ ተወካሊ | |
| 5 | መጠቓለሊን ዝውሰዳ ስጉምቲታትን | 20 ደቓይቕ | ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ድማ ተወካሊ | ብመሰረት መጠቃለሊ ፎርማት እቲ ኣኼባ |

## .ሓባሪኤፍ- ሰደቓ ማፕ ገበርቲ ሰበ ስልጣን- ሐላፍነቶምን ኣብልዕሊ

## ሴክተራት/ተሐባብርቲ አካላት ዘሕድርዎ ፅልዋ

ናይ ግብረ ሓይሊ አኼባ አብ ዝጅመርሉ እዋን ዝሕሉ ከይዲ ሰበ ሰልጣን ዝንቐሳቀሱሉ ቦታ ማፕ አብ ምግባር፣ ሐላፍነቱን ስዒበን ዝተጠቀሳ ስጉምትታት ምውሳድ አድላይ ምስኾነ ዝሕልዎ ፅልዋን፤

- ኣብሞንጎ ስልጣን፣ ሓላፍነትን ዘሎ አፈላላይ ዘሕድሮ ፅልዋ ምሕደራ ምብርሕራሕ
- ንሕድሕድ ተሳተፍቲ ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ኣብ ዝኾና ጉዳያት ክመልአን ዝግብኦ ስዒቡ ዝርአ ሰደቓ፣ ሐላፍነቱን አብ ልዕሊ ሐባራዊ ትልምታት ግብረ ሓይሊ ተታሓሒዙ ዘሕድሮ ፅልዋ እንታይነት (ኣብ ምጅማር አኼባ) መደረ ይግበር፡፡
- ሕድሕድ ተሳታፊ ነቲ ሰድቓ ምስመልአ ስልጣንዎምን ሐላፊነትዎምን ከምኡ ድማ አብ ልዕሊ ካልዖት አባላት ግብረ ሓይሊ ዘሕድሮ ፅልዋ ይመልዕ፡፡
- ኹለን ምንቅስቓስ ዝገበረለን ቦታታት ምስተመዝገባ ዘፈራት ተደራሪበን ዝሰረሐለን ቦታታት ምፍላይ ከምኡ ድማ ፉልይን ሐደ ዘፈር በይኑ ዝሳተፈለን ምንቅስቃሳት ምፍላይ አገዳሲ እዩ፡፡ ዘፈራት ተደራሪበን ዝሰረሓ ምስኾና ናብ ጎንፂ ከምርሕ ዝኽእል እንተኾይኑ ስልጣንን ሐላፍነትን አብ ምውፃእ ናይ ስልጣን ንሕንሕ ከጋጥም ይኽእል፡፡ ስለዝኾነ ድማ ብዛዕባ እዝኤን ጉዳያት ብዕሊ ምምይያጥን እተን ዘፈራት ውፅታዊ ዝኾነ ምትሕብባር ጌረን ክሰርሓ ዘክእል አገባባት ምግላፅ ብተወሳሒ አብ ኸይዲ አፈፃፅማ ስራሕ ዘጋጥም ጎንፂ ከመይ ጌረን ዘፈራት በዓለን ከምዝፈትሕዎ ብዕሊ ምምይያጥ ምግባር አገዳሲ እዩ፡፡

  መፍታት እንደሚቻል ማስቀመጥ ያስፈልጋል፡፡

ሽምን ብርኺ ስራሕ ዘፈራት __________________________ (ቢሮ ማይ/ትምህርቲ /ጥዕና/ኢኮኖሚያዊ ልማት)

ሽም ተሐባባሪ (ናይ መንግስቲ ዘፈር ምስ ዘይኾነ) ________________________________________

| ስልጣን | ሐላፍነት | ፅልዋ ዘሕድረለን ቦታታት |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

## .ሓባሪ ጂ- ሰደቓ ተሐጋገዝቲ ዘፈራት ማፕ ምግባር

ስዒቡ ዝርአ ሰደቓ ተሓባቢርካ ምስራሕ ዘድልየን ቦታታት ኣብነት (ሐደ ዘፈር ንናይቲ ካሊዕ ዘፈር ሺቶታት አዎንታዊ ፅልዋ ዘሕድራ ስራሕቲ) ዘርእየና ኾይኑ ዘፈራት ዘለዎን አራአዕያ ንምምሕያሽን ምትሕብባር ክሕልዉን ብኡ ኣቢሉ ድማ ክርከብ ዝኽዕል ረብሓ ዘርእየና ሰደቓ እዩ፡፡

| ዘፈር | ጥዕና | ማይ | ትምህርቲ |
|---|---|---|---|
| ጥዕና | | • ንምንካይ ሕማምን ሐፈሻዊ ሐለዋ ጥዕና ናይ ምምሕያሽ ክዕለት አለዎ<br>• እታወታት ካብ ምዕቃን ናብ ውፅዒታት ምዕቃን ምስግጋርን ዝዓብየ ፅልዋ | • ደሕንነት ከሕልዎ ሐገዝ ምግባርን ኩነታት ጥዕና ተምሐሮ ኣፍልጦ ክሕልውም ምግባር<br>• ዒላማታት ሓገዝ ጥዕና ንዘዓብዩ ተምሐሮ ምሕጋዝ<br>• ተምሐሮ ናይ ሕክምና ግልጋሎት ክረኽቡ ምግባር<br>• ሙያዊ ሐገዝ፣ አመራርሓን ኣፍልጦ መጨበጢ ስልጠና፤ |
| ማይ | • .ሐለዋት ፀገማት ሕማም መሰረት ጌርካ መሰረተ ልምዓት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ፅልዋ ምሕዳር<br>• ብመሰረት ድልየት እቲ ማሕበረሰብ ቅደም ሰዓብ ኣትሒዝካ ምንቕስቓስ | - | • ኣብ አብያተ ትምህርቲ (መወህለሊ ማይ፣ ናቁጣታት መዕደሊን ወዘተ) ዘበላ መሰረተ ልማዕታት ምዝርጋሕ<br>• መሰረተ ልማዕታት ዘድልየን አብያተ ትምህርቲ ብቕደም ሰዓብ ምቕማጥ<br>• ፅገናታትን ቀፃልነት ዘለዎን ሕደሳታት ምክያድ |
| ትምህርቲ | • .ትምህርቲ ተምሓሮ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ፅልዋ ንምሕዳር ዘኽእል ባይታ ክሕልው ምግባር<br>• ንኤምዲኤ ናይ ህዝቢ መድሐኒት ምምሕዳር ባይታ ምፍጣር<br>• ኩነታት ሕማምን ሞትን ዝበየሓሉ ብርኺ ዝገልፅ ዳታ ምርካብ<br>• ንትካላት ትምህርቲ ገበርቲ ሰናያት ዝመድብኦ ሐፍቲ | • ትኻል ምሕናፅ ዘኽዕል ባይታ<br>• ንሕድሳትን ፅገናን ዝወዕል በጀት ነቲ ስርዓት ትምህርቲ ተጠቂምካ ዝርከበሉ ባይታ ምፍጣር | |

## .ሓባሪ ኤች- መፀብፀቢ ቴምፕሌት ኣኼባ ግብረ ሓይሊ

ኣኼባ ንምክያድ ትልሚ ዝተተሓዘሉ ዕለት : ____________________

ኣኼባ ዝተኻየደሉ ዕለት : ____________________

**ዝተዓደሙ ተሳተፍቲ:**

**ዘይተረኸቡ ኣባላት**

**ቀንድ ቀንድ ኣጀንዳታት ኣኼባ**:

1. ____________________
2. ____________________
3. ____________________
4. ____________________

ነጥብታት ዝሓለፈ ኣኼባን መኸታተሊ ከይዲን ፧

| ስራሕ | መረኽቢ ዕለት | ሐላፍነት ዝወሰድ ዘፈር | ዝምልከቶም ተሐባበርቲ | እቲ ስራሕ ዝበፅሐሉ ብርኺ | ኣፈላላይ ዝተረአየሉ ምኽንያት | ቀፃሊ ክውስዱ ዘለወን ስጉምቲታት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | |
| | | | | | | |
| | | | | | | |
| | | | | | | |

**ቀንድ ቀንድ ምንቅስቓሳት ዘፈር ትምህርቲ:**

1. ____________________
2. ____________________
3. ____________________

ዘጋጠሙ ማሕለኻታት: ____________________

ቀንድ ዝተዓወተ ስራሕ: ____________________

**ቀንድ ቀንድ ምንቅስቓሳት ዘፈር ጥዕና:**

1. ____________________
2. ____________________
3. ____________________

ዘጋጠሙ ማሕለኻታት: ______________________________

ቀንድ ዝተዓወተ ስራሕ: ______________________________

**ቀንድ ቀንድ ምንቕስቓሳት ዘፈር ማይ:**

1. ______________________________
2. ______________________________
3. ______________________________

ዘጋጠሙ ማሕለኻታት: ______________________________

ቀንድ ዝተዓወተ ስራሕ: ______________________________

**ካልኦት ዝተጠቀሳ ምንቕስቃሳት ተሓባባሪ አካል:**

1. ______________________________
2. ______________________________

አባ ቀፃል ወርሒ ስጉምቲ ዝውሰደለን ነጥብታት:

| ስራሕ | መራከቢ እለት | ሐላፊነት |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

ናይ ስራሕ መቆፃፀሪ ታሊ ሺት

| ስም ተሳታፊ | ዘፈር/ተሓባባሪ ኣካል | ክታም |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

______________________________ ______________________________

ፀብፃብ ዝተዳለወሉ ዕለት ክታም መተሓባበሪ

## ሓባሪ ኢይ- መበገሲ (ቤዝ ላይን) ዳታ ንምርካብ መአከቢ ኣመላኽቲ

### 1. ሐላፍነት ኤንቲዲን መበገሲ ዳታ

ናብ ሓባሪ ኤክስ ይመራሕ (ማይን ስነ ፅሬትን - ኤንቲዲ ዳታ ቤዝ) ናይ ሐላፊነትን መግለፂ መበገሲታትን

| ዳታቤዝ | ተላባድ ሕማም ዘለዎን ዞባታትን ወረዳታትን (ዝጥርጠሩ ሓዊሱ) | ክስተታት/ቁፀሪ ዘጋጠመ ሕማም | ዝተወሰደ ስጉምቲን ሽፋንን |
|---|---|---|---|
| ድራኩንኩሊያሲስ (ጊኒ ዎርም) | | | ኣብዚ አእቱው |
| ሊምፋቲክ ፊላርያሲስ | | | (*ሕክምና፣ ምሕዋስን ምቁፅፃር ቬክተርን) |
| ኦንኮሴርሲያሲስ (ሕማም ሩባ ዓይነ ስውርነት) | | | (ምቁፅፃር ቬክተር፣ ምሕዋስን፣ ፀገም ምፍታሕ) |
| ሲስቶሴሚያሲስ (ብልሐርዚያ) | | | (ማይን ስነ ፅሬትን፣ ምቁፅፃር ዓረነ) |
| ብሓመድ ዝመሓላለፍ ሄልሚንቲያሲስ | | | (ማይን ስነ ፅሬትን) |
| ትራኮማ | | | (*መጥባሕቲ፣ማይን ስነ ፅሬትን) |

### 2. መሰረተ ልምዓት ማይን ስነ ፅሬትን አጠቓቕምኡን

### 2.1 ብብርኪ ማሕበረሰብ ዝህነፅ ሽቓቕን ቀረብ ማይን አጠቓቕማን

### ሀ. ሽቓቕ /ዓይነ ምድሪ/

- በዝሒ ስድራ ቤታት ምስ ቀረብ ዝኾነ ዓይነት ሽቓቕ እንትነፃፀር (ዝተማሐየሸን ዘይተመሐየሸ ቀረብ ሽቓቕ ዘለወን ስድራ ቤታት X 100/ሓፈሻዊ ቁፀሪ ስድራ ቤታት)
- በዝሒ ስድራ ቤታት ክፍቲ ሽቓቕ ዝጥቀሙ ስድራ ቤታት (ክፍት ሽቓቕ ዝጥጠቀሙ ስድራ ቤታት X 100/ ሐፈሻዊ በዝሒ ስድራ ቤታት)
- ክፍቲ ሽቓቕ ዘይብለን ተባሒለን ዝፍለጣ ጣቢያታት ብተነፃፃሪ (ቁፀሪ ጣቢያታት ክፍት ሽቓቕ ተጠቀምቲ ተባሂለን ዝፍለጣ X100/ሐፈሻዊ ቁፀሪ ጣቢያታት)

### ለ. ቀረብ ማይ

- ኣብ ወረዳ ሽፋን ፅሩይ ዝስተ ማይ
- ቁፀሪ ፅሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ምውሕላል፣ ምቕማጥን ምጥቃም (ምስታይ) ዝሳተፋ ስድራ ቤታት
- ቁፀሪ ፅሩይ ዝትሐከመ ማይ ኣብ ድሕንነቱ ዝተሓለወ መወሕለሊ ዘዋሕለላ ስድራ ቤታት
- ቁፀሪ መሕከሚ ቴክኖሎጂታት ተባሂለን ርኢቶ ዝተዋሃበለን ቴክኖሎጂታት ብትክክል ተጠቒመን ዝሕክማ ስድራ ቤታት



➡ /ትኹረት ዘይረኸቡ/ ናይ ኸቢስ /ቆላ/ ሕማማት ሃገርና ንምጥፋእ፣ ብብርኪ ወረዳ ዝርኸባ ሴክተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ መዳይ ማይን ስነ ፅሬት ብሓባር ንክነጥፉ ዝተዳለዎ ኢደ መጋብር

## 2.2 ትካላዊ ኹነታት ማይን ስነ ፅሬትን

### ሀ. ጥዕና ትካላት

- ሐፈሻዊ ቁፅሪ ኬላታት ጥዕና ____________________
- ቁፅሪ ፅሩይ ማይ ቀረብ ዘለወን ጥዕና ጣቢያታት ____________________
- ቁፅሪ ንአማዊል ሽቓቕ ዘለወን ጥዕና ጣቢያታት ____________________
- ቁፅሪ መቓፀሊ ዓሓፍ ጉድጓድ ዘለወን ጥዕና ጣቢያታት ____________________
- ቁፅሪ ናይ መስከብ /መድሓኒቲ/ መቕበሪ ዘለወን ጥዕና ጣቢያታት ____________________
- ቁፅሪ ናይ ደረቕ ጓሓፍ መቕበሪ ጉድጓድ ወይ ከኣ መትሐዚ ዘለወን ጥዕና ኬላታት ____________

### ለ. አብያተ ትምህርቲ

- ሐፈሻዊ ቁፅሪ አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ቀረብ ፅሩይ ማይ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ንትመሓሮ ግልጋሎት ዝህብ ሽቓቕ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ንደቒ ተብኣቲዮን ንደቒ አንስትዮ ተማሓሮኦም ተባሂሉ ዝተፈለየ ሽቓቕ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ___
- ቁፅሪ ንመምሕራን ዝተፈለየ ሽቓቕ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ጉድጓድ ደረቕ ጓሐፍ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ሚኒ ሚዲያ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________________
- ቁፅሪ ዝንቀሳቐስ ማይን ስነ ፅሬትን/ጥዕና ክለብ ዘለወን አብያተ ትምህርቲ ____________

## 3. ሜላታት መቀናጀዊ ዋሽን ኤንቲዲን

- አብ ብርኺ ወረዳ አየናይ መደበኛ ፕላትፎርም ኤንቲዲ/ቲደብሊውጂ እየን ዘለዋ?
- ማይን ስነ ፅሬትን ተሓባበርቲ ኤንቲዲ ብሓባር ኽይኖም ዝመፅሉ ፕላትፎርም አሎ ዶ? (ኮሚቴ ማይን ስነ ፅሬትን ምስ ተወካሊ ውልቀሰብ ኤንቲዲ ዝሳተፍሉ፣ ወረዳ/ጣቢያ መድረኻት ኾይነን ኩለን ዘፈራት ዝውከላሉ መድረኽ) ኣሎዶ

## 4. ድሕር ባይታ ሓበሬታ ማሕበረሰብ (background)

- ምስ ኤንቲዲ ተተሓሓዝነት ዘለዎ ወፍሪ ማሕበረሰብ (ምንቅስቓሳት ባሕሪያዊ ለውጢ ዘለዎ) አሎ ዶ? ዘለወም እንተኾይኑ እቲ አገባብ፣ ዒላማ ምህላው፣ አድመፅቲን ተሰማዕቲን ምኚኖም፣ መደበኛነት ወይ ከኣ ጣልቃ ዝዕተወሉ ምኻኑን ግለፅ፡፡
- ኣብ ሞንጎ ማሕበረሰብ ብዛዕባ ኤንቲዲታት ዘለዎ ቀንድ ቀንድ ኣራኣእያታት እንታይ እየን? (ነንሕድሕዲአን ጥቀስ)፡፡
- አየኖት እምነታት ማሕበረሰብ እየን ምስ ዓወንታዊ ሓለዋ ፅርየትን ባሕርያት አተሓላልዋ ፅርየት ዝፀባዓ?
- አየኖት ባሕሪያት ሕብረተሰብ እየን ሰባት አግባብነት ዘለዎ ሕክምና ኤንቲዲ ወይ ከኣ አገደስቲ ዝብሓለ ስጉምቲታት ከይውሰዱ ዝክልኽላ እምነታት አየኖት እየን?
- ሕብረተሰብ አዎንታዊ ዝኾነ ባሕሪያት ሓለዋ ፅርየት ከየምዕብል ዝክልኽላ እምነታት አየኖት ኣይነታት አራኣእያታት እየን?

## 5. ክትትል፣ ኣታኣካኽባ ዳታ፣ ኣታሓሕዛን ኣፀባፅባን

- ማይን ስነ ፅሬትን-ኤንቲዲ ዳታ ካብ ብርኪ ማሕበረሰብን ቤት ትምህርቲን መአከቢ ስርዓትን ናብ ወረዳ መፀብፀቢ ከይድታትን ኣሎዶ? እንተሓልዩ ነቲ ሜላ፣ ዓይነት ዳታ፣ ሐላፊነት ዝተዋሃቦ ኣካልን መደበኛነቱን ግለፅ
- እንተሓዩ ፀብፃባት ማይን ስነ ፅሬትን - ኤንቲዲ ይትንተና ድየን ከምኡ ድማ ኣብ ብርኪ ወረዳ ኣብ ጥቕሚ ይውዕላ ዲየን?
- ዝኾነ ጥሙር ናይ ማይን ስነ ፅሬትን- ኤንቲዲ ሓገዝ ምክትታል፣ ምቖፅፃር ኣብ ብርኺ ማሕበረሰብ ብዘፈራት ወረዳ ይግበር ድዩ? ዝግበር ምስኾነ እንታይ? ትሕዝቶ ቼክ ሊስት/መከታተሊ መሳሪሕታት ከም ዘሎ ግለፅ

* ናይ ቤዝ ላይን መጠቓለሊ ንዝትዋደዳ ምንቅስቃሳት ኣገደስቲ ዝኾና ሜላታት መአከቢ ዳታ
ፍለፍል ሐበሬታ ካብ ግሎባል ዋሽ ኤንቲዲ ቱል ኪት (ኣሜል http://www.who.int/wash-health-toolkit)

| ኣይነታት ቤዝላይን ኣገደስቲ ዝኾና ሓበሬታታት | ሜላ ኣታኣኻክባ |
|---|---|
| **ኤንቲዲታት** | |
| ሕማምን ወይካዓ ኩነታት ረኽሲ | ናይ ዳሕሳስ መፅናዕቲ/ኩል ጊዜ ዝእከብ ዳታ/ገምጋም ሰነዳት (ቤት ትምሕርቲ/ ማሕበረሰብ) |
| ሰለጤን ወይከዓ ኩነታት ረኽሲ | ናይ ዳሕሳስ መፅናዕቲ/ኩል ጊዜ ዝእከብ ዳታ/ገምጋም ሰነዳት (ቤት ትምሕርቲ/ ማሕበረሰብ) |
| ምትእስሳር ከባቢን ሕማምን | ናይ ዳሕሳስ መፅናዕቲ/ኩል ጊዜ ዝእከብ ዳታ/ገምጋም ሰነዳት (ቤት ትምሕርቲ/ ማሕበረሰብ) |
| ማይን ስነ ፅሬትን | |
| ኣብ ብርኺ ቤት ትምህርቲ ናይ ማይ ስነ ፅሬትን ኣመላኽቲ (ንኣብነት ዝሰርሓን ዝተመሐየሻን ናይ ፅርየት መሕለዊ ትካላት ዘለወን ኣቢያተ ትምህርቲ ብ %፤ ዝተመሐየሸ ቐረብ ዝስተማይ ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ ብ %) | ዳሕሳስ መፅናሕቲ/ገምጋም ዳሕሳስ ሰነዳት (ቤት ትምህርቲ / ማሕበረሰብ) ናይ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ። ሓበሬታ ሕማም ኣብ ዝክሰተሉ/ናሙና ኣብያተ ትምህርቲ ኩነታት ረኽሲ ኣመልኪቱ ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ ኣብ ዝግበረሉ ዕዋን ክውሰድ ይኽእል። |
| ትኻል ክንክን ጥዕና መሰረት ዝገበራ ኣመላክቲ (ኣብነት ብቑዕ መሐለዊ ፅርየት ዘለወን ትካላት ጥዕና ብ %፣ ዝተመሓየሸ ቀረብ ማይ ዘለወን ትካላት ጥዕና ብ %) | ዳሕሳስ መፅናዕቲ/ገምጋም ዳሕሳስ ሰነዳት (ትካላት-ሓላዋት ግልጋሎት መፅናዕቲ ድልውነትን፣ ገምጋም ኣፈፃፀማ ግልጋሎት) ኤችኤምኣይኤስ |
| ቐረብ ዝተምሐየሸ/ድሕንነቱ ዝተሓለወ ፅርየት መሕለዊ ዘለወን ስድራ ቤታት | ናይ ዲስትሪክት ማይን ስነፅሬትን መከታተሊ ስርዓት (ናይ ዳሕሳስ መፅናዕቲ/ገምጋም ሰነድ) |
| ሽፋን ዝተመሐየሸ/ድሕንነቱ ዝተሓለወ ፅርየት ማሕበረሰብ | ናይ ዲስትሪክት ናይ ማይን ስነፅሬትን መከታተሊ ስርዓት (ናይ ዳህሳስ መፅናእቲ/ገምጋም ሰነድ) |
| ሽፋን ቐረብ ዝተመሓየሸ ፅሩይ ማይ ዘለወን ስድራ ቤታት | ናይ ዲስትሪክት ናይ ማይን ስነፅሬትን መከታተሊ ስርዓት (ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ/ገምጋም ሰነድ) |
| ማይን ሳሙናን ዘለዎ ናይ ኢድ መሕፀቢ ዘለወን ስድራ ቤታት | ናይ ዲስትሪክት ናይ ማይን ስነፅሬትን መከታተሊ ስርዓት (ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ/ገምጋም ሰነድ) |
| ስራሕቲ ኣተሓላልዋ ፅርየት | ናይ ዲስትሪክት ናይ ማይን ስነፅሬትን መከታተሊ ስርዓት (ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ/ገምጋም ሰነድ) |

## ሓባሪ ጂ- መዳርግቲ ኣካላትን ገበርቲ ሰናያትን ማፕ መግበሪን ብቕዓት መገምገሚ

### ቴምፕሌት

ዝስዕብ ሰደቓ ሕድሕድ መዳርግቲ ኣካላትን ገበርቲ ሰናያትን ዝንቀሳቐሰሉ ኣውደ ትኹረት መሰረታዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝትግበር ዘሎ ፕሮጀክትን ዒላማታቱን ወሲኹ ንምምዝጋብ ዝውዕል ክኸውን ኣለዎ።

እዚ ማፒንግ ሰናይ ዕድላት ምትሕግጋዝ ንምፍላይን በቢ ሕድሕድ መዳርግቲ ዝረኣያ ክፍተታት ንምፍላይ ከምዑ ድማ ብፍላይ ስጉምቲ ክውሰደለን ዝግባእን ኣብ ወረዳ ክሕለዋ ዝኽእላ ፀገማት ንምፍላይ የኽእል እዩ።

